# ትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍ

## ማቴ 5 - ቀዳማይ ክፍሊ

*ብዙሖ ሕዝቢ ምስ ረኣየ፡ ናብ እምባ ደየበ፣ ምስ ተቐመጠ ድማ፡ ደቂ መዛምርቱ ናብኡ ቀረቡ፡ ብፁዓን !!!*

*እናበለ ድማ ኪምህሮም ጀመረ፡ (ማቴ 5፡1-3)*

### ሀ. ኢየሱስ ነዚ ትምህርቲ ካብ በሪኽ ቦታ ኣስምዩ።

እዚ ቦታ ኣበይ ምዃኑ ብርግጽ እኳ እንተዘይተፈልጠ፡ ኣብ እይስራኤል ንዚኸዱ ነገዳያን "እምባ ብፅዕነታት" ኢሎም ዜመልክትዎ ሓደ ጎቦ ኣሎ።

ኣብ ወንጌል ሉቃስ እኳ ኣብ ጐልጐል ዝመሃረ ኢዩ ዚመስል፡ ማቴዎስ ግና ሕይወት ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ብሉይ ኪዳን ከኢተኣሳስሮ ስለዚፍትን፡ ሙሴ ኣብ ደብረ ሲና ደዩቡ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ከምዝተቐበለ፡ ኣብዚ ኢየሱስ፡ ናይ ሓዲስ ኪዳን ሙሴ፡ ካብ እምባ ኰይኑ "ኽሳዕ ሎሚ ኣይትቕተል/ ኣይትዘሙ/ እንተፈታሕካ/ ብሓሶት ኣይትምሓል/ ይባሃለኩም ነይሩ፡ ኣነ ግና ... እብለኩም ኣለኹ" እናበለ ኣብ ናይ ገዛ ርእሱ ሥልጣን ተመሥሪቱ ነቲ ክሳዕ ሽው ዝጸንሐ ሕጊ ኣምላኽ ኪቕርይ ብድፍረት ኪዛረብ ይረኣ።

ሙሴ ንሕዝቢ እስራኤል በዓል ፋሲካ ዚሥርዓሎምን፡ ካብ ባርነት ግብጺ ናጻ ዜውጽኦምን፡ ንባሕሪ ኤርትራ ብተኣምራት ዜሳገሮምን፡ ብምድረ በዳ ንሕዝቢ ዝመርሖምን፡ ኣብ እግሪ ደብረ ሲና ምስ ኣምላኽ ኪዳን ዜእተዎምን ስለዝነበረ፡ እቲ ዝዓበየ ነቢዩን ጅግና ኣብ ታሪኽ እስራኤል ይቀኣጸር ነበረ። ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ከምኡ፡ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ሙሴ ና ምድረ በዳ ይኸይድ (4፡1)፡ ሓዲስ ሕጊ የመሓላልፍ (5 - 6 - 7)፡ ንሕዝቢ ኣምላኽ ነቲ ዝጸንሐ ኪዳን ዚትክእ "ሓዲስ ኪዳን" (26፡ 27-28) ብሞቱን ትንሣኤኡን ንሕዚ ኣምላኽ ካብ ባርነት ሓጢኣትን ሠይጣንን ነጻ ዜውጽእ (28) ስለዝኾነ፡ ኢየሱስ ንሙሴ ዚትክእ መድኃኔ ሕዝቡ ከምዝኾነ የቕርቦ።

### ለ. ምስ ተቐመጠ ከምዚ ኢሉ ኪምህሮም ጀመረ

ኣብ እስራኤል መምህር ሃንደበታዊ ወይ ዘይምዱብ መምርሒ ኪህብ እንከሎ፡ ኮፍ ኢሉ ወይ እናኸደ ኪዛረብ ይኽእል ነበረ። ብዕሊ ኪምህር እንከሎ ግን ንርእሱ ኮፍ ኢሉ፡ ንተምሃሮኡ እውን ኮፍ የብሎም ነበረ። (ካቶሊካውያን ነዚ ዜንጸባርቕ ር.ሊ.ጳጳሳት ብዕሊ ከም መምህር ቤተክርስትያን ኮይኖም ኪዛረቡ እንከለዉ፡ ንክነመልክት " ካብ መንበሮም ኪዛረቡ እንከለዉ..." ንብል)።

ስለዚ ኣብዚ ኢየሱስ ኮፍ ኢሉ ኪምህሮም ከምዘሎ ኪቀርበና እንከሎ፡ ተዓጢቑ ኪምህሮም ከምዝደለየ፡ ስለዚ እቲ ዚዛረቦ ትምህርቲ፡ ዕላዊ ትምህርቱ ከምዝኾነ የረድኣና።

## ሐ. <u>ኣፉ ከፊቱ እውን ከምዚ እናበለ ኪምህሮም ጀመረ።</u>

"ኣፍካ ከፊትካ ምዝራብ" ብናይ ግሪኻውያን ኣዘራርባ፡ ንገርህኛ ዕላል ወይ ሓላፊ ኣዘራርባ ዚምልከት ዘይኮነስ፡ ወይ (1) ሓደ ከቢድ ቃል ክተውጽእ ምስ ደለኻ፡ ከም ንኣብነት ትንቢት ወይ ንጉሣዊ ኣዋጅ ማለት ኢዩ፡ ወይ ከካ (2) ልብኻ ከፊትካ፡ ኣቕሪብካ፡ ክትመክር ኢልካ ቀሊዕካ እትዛረቦ ቃላት ክትገልጽ እንተደሊኻ እትትቀመሉ ኣዘራርባ ኢዩ። ስለዚ ማቴዎስ (ወንጌል ማቴዎስ ብግሪኽ ከምዝተጻሕፈ ኣይንረስዕ) ኬቕርቦ ዝተሰናደወ ቃላ ክርስቶስ፡ ሓደ ዓቢይ ትምህርቲ ዝሓዘን፡ ካብ ልቢ ኢየሱስ ከምዝወጸን ከመልክት እናደለየ ኢዩ።



## መ. <u>ብፁዓን!</u>

ኣብዚ ምዕራፍ ናይ ወንጌል ማቴዎስ ን9 ጊዜ ዚድገም ቃል ኢዩ። ብግሪኽ ይኹን ብግዕዝን ከምኡ ድማ ብላቲን "ኢዮም" ዚብል ዓንቀጽ ምውሳኽ ኣየድልን ኢዩ፡ ብትግሪኛን ብእንግሊዚን ብካልእ ዘመናዊ ቋንቋ ግን ብመንፈስ ድኻታት ዚኾንይ ብፁዓን ኢዮም ምውሳኽ የድሊ። እቲ ፍልልይ ኣብዚ ክልተ ኣቀራርባ፡ ግሪኽን ግዕዝን ከም ኣድናቖ ገይሮም ኬቕርብዎ እንከለዉ፡ ትግሪኛን እንግሊዝን ግን ከም ክውን ነገር ገይሮም የቕርብዎ (statement)፡ እቲ ኣድናቖት ግሁድ ኣይኮነን። . ብፅዕነት ዚብል ቃል <u>ጽቡቕ ትዕድልቲ ዚረኽቡ</u> ማለት ኢዩ። ብግሪኽ ብፁዕ <u>ማካርዮስ μακαριος</u> ይበሃል። ወንጌል ማቴዎስ ብግሪኽ ስለዝተጻሕፈ ሓቀኛ ትርጉም ናይ ብፁዕ ዚብል ቃል ክንርዳእ እንተኮና <u>ማካርዮስ</u> እንታይ ማለት ምዃኑ ክንፈልጥ የድልየና።

እምበኣር <u>ማካርዮስ</u> ሕጉስ፡ ፍሥሓ ዚመልአ ሰብ የመልክት። እዚ ፍሥሓ ብዕድል ወይ በጋጣሚ ዝተረኽበ፡ ወይ ከይጠፍኣና እንፈርሖ፡ ወይ ሎሚ ዘሎ ጽባሕ ግና ክንስእኖ እንኽእል ዘይኮነስ፡ እቲ ኢየሱስ ኣብ ዮሓ 16፡ 22 "ሓደ እኳ ኬሕግደኩም ዘይክእል ሓጐስ" ኢሉ ዝዛረበሉ ዓይነት ፍሥሓ ኢዩ። <u>ማካርዮስ</u> (ብፁዕ) ዝኾነ ሰብ፡ ኣብ ሽግር ይረኸብ ወይ ኣብ ጸበባ ወይ ኣብ ስቓይ ይኹን፡ ጸገሙ ካብ

ኣምላኽ ኬርሕቕ ከምዘይክእል ስለዚፈልጥ፡ ልቡ ኣይርበሽን። ጳውሎስ ኣብ መልእኽቲ ሮሜ ዚዛረበሉ ፍቕሪ ክርስቶስ፡ "ካብ ፍቕሪ ክርስቶስ ኪፈሌና ዚኽእል መን ኢዩ? መከራዶ? ስደትዶ፡ ጥሜትዶ ... ኣብ ልዕሊ እዚ ኹሉ በቲ ዘፍቅረና ክርስቶስ ዓወት ብምርካብ ካብቶም ዝሠዓሩ ኣዚና ንበልጽ ኢና።" (ሮሜ 8፡ 35-39) መዝሙር ዳዊት ንብፁዕ ሰብ ብኣብነት ገይሩ ይዛረበሉ፡ ብፁዕ ሰብ *"ከምታ ባብእዋኑ ፍሬኣ እትህብ፡ ቈጽላ ዘይነቅጽ፡ ኣብ ወሰናስን ወሓዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም ኢዩ።"* (መዝ 1፡ 3)

ስለዚ ብፅዕነት ክርስትያን ንናይ ጽባሕ ዓወት ብተስፋ እናተጸበየ ጥራሕ ዚነብር ሰብ ኾነታት ዚገልጽ ዘይኮነስ፡ ሎሚ ዚስምዖ ሓጐስን ፍሥሓን ዓወትን ኢዩ እሞ፡ ብፁዕ ክርስትያን ልቡ ብሓዘንብተስፋ ምቍራጽን ኪወሓጥ ኣየፍቅድን ኢዩ።